# ጭብጥታት ብዛዕባ ሕማም ወይቦ ኤይ፥ ቢን ሲን፤ (Hepatitt A, B, C) ከምኡውን ንኽይመሓላለፍ እንታይ ክግበር ከም ዘለዎን ።

## ሕማም ወይቦ እንታይ እዩ

ሕማም ወይቦ ማለት ረኽሲ ኣብ ጸላም ከብዲ ማለት እዩ። ብዙሓት ቫይረሳት(ህዋሳት ረኽሲ) ነታ ጸላም ከብዲ ከርክስዋ ይኽእሉ እዮም። እቶም ኣገደስቲ ኽኣ፤ ሕማም ወይቦ ኤይ-ቫይረስ፤ ቢ-ቫይረስን ሲ-ቫይረስን

እዮም። እቶም ዝበዝሑ (ግን ኩሎም ኣይኮኑን) በዚ ቫይረስ ዝተበከሉ ብጫዊ ዝኾነ ምልክት ሕማም ይህልዎም (ኣዒንቶምን ቆርበቶም ብጫ ይኸውን)፤ ድኻምከም፤

ዕግርግር የብሎም ወይ ከኣ ቃንዛ ከስዐ ይገብረሎም። ነዚ ምልክት ሕማማት ብምርኣይ ግና ኣየናይ ዓይነት ቫይረስ ከም ዝሓዘካ ንምፍላጥ ኣይከኣልን እዩ። ብመረመራ ደም ጥራይ እዩ ክፍለጥ ዝኽእል።

## መብዛሕትኡ ሕማም ወይቦ ብኸምዚ ዝስዕብ ይመሓላለፍ

**ሕማም ወይቦ ኤይ**

ብዝተበከለ መግብን ማይን ከምኡውን ብደም ኣቢሉ ይመሓላለፍ። ንኣብነት፤ ብዘይጸረየ መራፍእ ምስ ካልኦት ምክፋል። ዘይጸረየ መራፍእ ክበሃል ከሎ፥ ካልእ ሰብ ኣቐዲሙ ዝተጠቐመሉ ማለት እዩ።

**ሕማም ወይቦ ቢ**

ብዘይ መከላኸሊ ግብረ-ስጋ ርክብ ብምግባር ፤ ብወሊድን ብደምን ኣቢሉ። ንኣብነት፥-ዘይጸረየ መራፍእ ምስ ካልኦት ብምክፋል።

**ሕማም ወይቦ ሲ**

ብደም ኣቢሉ ንኣብነት፤ - ዘይጸረየ መራፍእ ምስ ካልኦት ብምክፋል።

## ሕማም ወይቦ ኤይ

ሕማም ወይቦ ኤይ ቀደም ኣብ ኖርወይ ብብዝሒ ነይሩ። በዚ ግዜ'ዚ ግን ሓሊፉ ሓሊፉ እዩ ዝረአ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ወጻኢ ተበኪሎም ዝመጹ ሰባትን ኣብቶም ናርኮቲካ ዝጥቀሙን ይረአ። ዓበይቲ ሰባት ወይቦ ኤይ ክሕዞም ከሎ ብዝያዳ ካብ

ቆሉዑት ንላዕሊ ይሓሙ። እቶም ቫይረስ ኣብቲ ቀልቀል ናይቲ በዚ ሕማም ዝተታሕዘ ክረኣዩ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ እዚ ቫይረስ መብዛሕትኡ ግዜ ብረሳሕ ማይ ወይ ከኣ ብዝተበከለ ሰብ፤ ኢዱ ብዘየጽረየ ሰብ ዝተተንከፈ መግቢ ኣቢሉ ይመሓላለፍ። ሓሊፉ ሓሊፉ ኸኣ ብግብረ-ስጋ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

### ንኸይመሓላለፍ እንታይ ክግበር ኣለዎ

መግቢ ክትሰርሕን ሽቓቕ ኣቲኻ ክትወጽእ ከሎኻን ኣእዳውካ ጽቡቕ ጌርካ ትሕጸብ።

ካብ ምዕራብ ኣውሮጳን ሰሜን ኣሜሪካን ወጺእካ ክትገይሽ ከሎኻ ካብቲ ወሓዚ ወይ ፈልፋሊ ማይ ኣይትስተ። ጸረ-ሕማም ወይቦ ኤይ ክታበት ይርከብ እዩ። ካብ ምዕራብ ኣውሮጳን ሰሜን ኣሜሪካን ጃፓንን ወጺእካ ክትገይሽ ከሎኻ ጸረ-ሕማም ወይቦ

ኤ ክታበት እንተ ወሰድካ ዝሓሸ እዩ። እዚ ክታበት'ዚ ንናርኮቲካ ተጠቀምቲ ብነጻ ይወሃብ እዩ። ካብ ዘይጽሩይ መራፍእውን ምጥንቃቕ የድሊ።

## ሕክምና

ሕማም ወይቦ ኤይ መብዛሕትኡ ዘይሓደገኛ ሕማም እዩ፡፡ እንተኾነ ግን ኣሸጋሪ ሕማም እዩ፣ ብዘይ ገለ ኸኣ ባዕሉ ይጠፍእ። ፈጺሙ ኸኣ ሕዳር ሕማም (Kronisk) ኣይከውንን እዩ። እንተድኣ ሕማም ወይቦ ኤይ ኣሎካ፣ እቲ ዝተረፈ ዕድሜኻ ከኣ ብዩን ትኸውን።

## ሕማም ወይቦ ቢ

ሕማም ወይቦ ቢ ብደምን ካብ ሰብነት ዝወጽእ ፈሳሲታትን ይመሓላለፍ። እዚ ሕማ ም'ዚ ኣብ ዓለምለኻዊ ደረጃ ኣጸቢቑ ፍሉጥ/ግኑን እዩ። ኣብ ኖርወይ ካብ 10000 ክሳብ 15000 ዝኾኑ ሰባት ተሰከምቲ ሕዳር ሕማም ወይቦ ቢ-ቫይረስ ኣለዉ።

## ንኸይመሓላለፍ እንታይ ክግበር ኣለዎ

ኮንዶም ካብ ሕማም ወይቦ ቢ-ቫይረስ ይከላኸል እዩ። ጸረ-ሕማም ወይቦ ቢ-ቫይረስ ክታበት ኣሎ።እዚ ክታበት'ዚ ንናርኮቲካ ተጠቀምቲ ብነጻ ይወሃብ እዩ። ካብ ዘይጽ ሩይ መራፍእ'ውን ምጥንቃቕ የድሊ።

እዚ ሕማም'ዚ ካብ ኣደ ናብ ቆልዓ፥ ኣብ ግዜ ጥንስን ሕርስን ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ፤ ግን እቲ ህጻን ውልድ ምስ በለ 'ኢምዩንግሎቡሊንን' ክታበትን እንተ ድኣ ተጌርሉ እቲ ናይ ምትሕልላፍ ሓደጋ ክጐድል ይኽእል እዩ። እቲ ህጻን ከኣ ክጠቡ ይኽእል እዩ።

## ብቅጽበታዊን ብሕዳር ሕማም ዝፍለጡ ወይቦ-ቢ ይርከቡ ።

**ቅጽበታዊ ሕማም ወይቦ-ቢ (Akutt)**

ካብቶም ብሕማም ወይቦ-ቢ ቫይረስ ዝተታሕዙ ዳርጋ ፍርቆም ዝኾኑ እቲ ምልክት ዝረአ ካብቲ ዝተበከልሉ እዋን ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ

ኣቢሉ ይኸውን። እቶም መብዛሕትኦም በዚ ሕማም ዝሓመሙ ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ካብቶም ቫይረስ ነጻ ይኾኑ እዮም። ስለዚ ተረፍ ዕድሚኦም ከኣ ካብ ሕማም ወይቦ-ቢ ብዩናት ይኾኑ።

**ሕዳር ሕማም ወይቦ-ቢ (Kronisk)**

ገለ 5% በዚ ሕማም ወይቦ ቢ-ቫይረስ ዝተበከሉ ካብዚ ሕማም ክፍወሱ ኣይክእሉን እዮም። ኣብኣቶም እቲ ቫይረስ ኣብታ ጸላም ከብዲ 'ጠቢቑ ኮፍ' ስለዝበለ ተሰከም ቲ ሕዳር ሕማም ወይቦ ይገብሮም። እዞም ከምዚ ሕዳር ሕማም ወይቦ ተሰከምቲ

ዝኾኑ መብዛሕትኡ ግዜ ምልክት የብሎምን ። ስለዚ ብመረመራ ደም ጥራይ እዩ ክ ፍለጥ ዝኽእል። እቶም መብዛሕትኦም ሕዳር ሕማም ወይቦ ቢ ዘለዎም ጥዑያት ተሰ ከምቲ ናይ ተመሓልላፊ ሕማም እዮም። ገለ ሰባት ኣብታ ጸላም ከብዲ ሕዳር ረኽሲ ክገብረሎም ይኽእል እዩ። እዚ ኸኣ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት እታ ጸላም ከብዲ ትጭ በጥ ድሕሪኡ ኸኣ ናብ ናይ ጸላም ከብዲ መንሽሮ ይምዕብል። ስለዚ ሓደ ሰብ ሕዳ ር ሕማም ወይቦ ቢ-ቫይረስ ምስ ዝህልዎ በብግዚኡ መርመራ ደም ክገብር ኣለዎ።

ሕዳር ሕማም ወይቦ ቢ ዘለዎ ሰብ ሕማም ይሰመዓዮ ኣይሰመዓዮ ንኻልኦት ከመሓላ ልፍ ይኽእል እዩ። ስለዚ ሕዳር ሕማም ወይቦ ቢ ዘለዎም ሰባት ወሃብቲ ደም ክኾኑ

ኣይክእሉን እዮም። እቶም ኣብታ ገዛ ዝቐመጡ ስድራቤት ብነጻ ነዚ ሕማም ዝከላኸ ል ክታበት ክኽተቡ ይኽእሉ እዮም። ምስ ዘይተኸትበ ሰብ ግብረ-ስጋ ክፍጽም ምስ ዘድሊ እቲ ተሰካሚ ሕዳር ሕማም ወይቦ ቢ ዝኾነ ኮንዶም ክጥቀም ኣለዎ።

## ሕክምና

ሓደ ሓደ ግዜ ሕዳር ሕማም ወይቦ ቢ ናብቲ ሓደገኛ ዝኾነ ሕማም ጸላም ከብዲ

ከይምዕብል ብፍሉይ መድሃኒታት ንኽፍወስ ፈተነ ይግበር እዩ። ብዙሓት ድሕሪ ሕክ ምና ለውጢ ኣይረኽቡን፣ ገሊኦም ግና ካብቲ ረኽሲ ፈጺሞም ዝፍወሱ ኣለዉ።

## ሕማም ወይቦ ሲ

ንብዙሕ ዓመታት ብዙሕ ዓይነት ሕማም ወይቦ ቫይረስ ከም ዘሎ ይፍለጥ ነይሩ። ነገር ግና ንመጀመሪያ ግዜ ብ1989 ሕማም ወይቦ ሲ-ቫይረስ ተፈልጠ። ሕጂ

ብመርመራ ደም ሓደ ሰብ ተሰካሚ ሕማም ወይቦ ሲ-ቫይረስ ምዃኑ ክፍለጥ ይከኣል እዩ። ጸረ-ሕማም ወይቦ ሲ ዝኸውን ክታበት የልቦን።

## ካብዚ ሕማም ብኸመይ ትከላኸል

እቶም መብዛሕትኦም በዚ እዋን'ዚ ሕማም ወይቦ ሲ ዘለዎም፣ ቀደም ወይ ከኣ በዚ እዋን'ዚ መርፍእ ዝጥቀሙ ወይ ከኣ ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ደም ብምቕባል ዝተታሕዙ ክኾኑ ኣለዎም። ሕጂ ኩሎም ወሃብቲ ደም ይምርመሩ እዮም። ከምቲ ሕማም ወይቦ ቢ ብዘይጸረየ መራፍእ ዝመሓላለፍ፣ ከምኡ ውን ሕማም ወይቦ ሲ ብኸምኡ እዩ ዝመሓላለፍ። ብግብረ-ስጋ ንኽመሓላለፍ ከኣ ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

ሕማም ወይቦ ሲ ዝሓዘለ መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ምልክት ውሑድ እዩ። እቲ ሕማም ከኣ ብዙሕ ግዜ ብመርመራ ደም እዩ ዝርከብ። ኩሎም እቶም ጸረ-ኣካል ኣንጻር

ሕማም ወይቦ ሲ ዝርከቦም ዘበሉ መተሓላለፍትን ተሰከምቲ ሕዳር ሕማም ወይቦ ሲ ቫይረስ ይቖጸሩ። ንነዊሕ ግዜ ምክትታልን ከምኡውን ፍልይ ብዝበለ መርመራ ደም ብምግባርን እቶም ቫይረስ ገና ኣብ ኣካላት ምህላዎም ንምፍላጥ ይከኣል እዩ። እቶም ተሰከምቲ ሕዳር ሕማም ወይቦ ሲ-ቫይረስ ዝኾኑ መብዛሕትኡ ግዜ ብዙሕ ኣየጨንቕ ምን እዩ። ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ግና ናብ ሕማም ጸላም ከብዲ ክምዕብል ይኽእል እዩ። ስለዚ ኸኣ እቲ ተሰካማይ ሕማም ወይቦ ሲ-ቫይረስ ዝኾነ ሰብ በብግዚኡ መርመራ ደም ክገብር ኣለዎ።
ሕማም ወይቦ ሲ ካብ ኣደ ናብ ቆልዓ ወይ ከኣ ኣብ ግዜ ሕርሲ ንክመሓላለፍ ዕድሉ ውሑድ እዩ። ካብ ሕማም ወይቦ ሲ ዘለዋ ኣደ ዝተወልደ ቆልዓ ክጦቡ ይኽእል እዩ።

## ሕክምና

**ሓደ ሓደ ግዜ ሕዳር ሕማም ወይቦ ሲ ናብቲ ሓደገኛ ዝኾነ ሕማም ጸላም ከብዲ ከይምዕብል ብፍሉይ መድሃኒታት ንኽፍወስ ፈተነ ይግበር እዩ። ብዙሓት ድሕሪ ሕክምና ለውጢ ኣይረክቡን፣ ገሊኦም ግና ካብቲ ረኽሲ ፈጺሞም ዝፍወሱ/ዝሓውዩ ኣለዉ።**

## ንኸይተሓላለፍ እንታይ ክግበር ኣለዎ

### ሕማም ወይቦ ኤይ

ኣብ ግዜ መግብን ምጥቃም ሽቓቕን የእዳውካ ብጽርየት ምሓዝ፣ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ሃገር። ናብ ወጻኢ ሃገር ምስ እትገይሽ ካብ ወሓዚ ወይ ካብ ፈልፋሊ ማይ ምስታይ ተቈጠብ።
ክታበት።

### ሕማም ወይቦ ቢ

ኮንዶም ተጠቀም። ካብ ጽርየት ጸይብሉ መራፍእ ምጥቃም ተቈጠብ።
ክታበት

### ሕማም ወይቦ ሲ

ካብ ጽርየት ዘይብሉ መራፍእ ምጥቃም ተቈጠብ።

ኩሎም ተሰከምቲ ሕማም ወይቦ ቢ ወይ ወይቦ ሲ ካልኦት ምስ ደሞም ርክክብ

ንኸይገብሩ ክቑጠቡ ኣለዎም። ወሃብቲ ደም ከኣ ክኾኑ ኣይካሉን ኣዮም። እቲ ደም ዝፈሰሶ ዘበለ ኽኣ ብክሎሪን ክሕጸብ/ክጸሪ ኣለዎ።